

## ዝበፅሑኻ /ዝጉብኑይኻ / ሰባት/ ትካላት

ጄ ኣር ኤስ ቤልጂም
ጂ ኣር ኤስ በልጂም ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቑ ትካላት ኾይኖም :-

- ብዛዕባኻ ክትዛረብ ሰማዒ እዝኒ ዘለዎም፣
- ብዛዕባ ኣገባብካን መሰላትካን ሓጋዚ ሓበሬታ ዘካፍሉን፣
- ከም ምስ ጠበቓታት ዝመሳሰሉ ካልኦት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ናይ ምርኻብ ስራሕቲ ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም።

0456/02.75.26
0456/81.98.98
bezoekers@jrsbelgium.org



## ኣይ ሲ ኤም ኮችስ

ኣብ ቤት ፅሕፈት ኢሚግሬሽን ይሰርሑ
ኣብ ዘይስሩዕ ፃንሖት ንዝርከቡ ስድራቤታት ይሕግዙን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ፍታሕ ኣብ ምድላይ ትኹረት ሂቦም ይሰርሑን፣

ወለድኻ ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ቆጸራ ከይሓዙ ክበጽሕዎም ይኽእሉ።

መኣዝ ? ረቡዕ ንጉሆ ካብ ሰዓት 9:00 - 12:00
ኣበይ?
Boulevard pacheco 44 , 1000 Brissels
Italielei 4/bus 1, 2600 Antwerpen
Rue de fragenee 2, 400 liege
02/488 97 77 ካብ ሰዓት 9 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ
icamsupport@ibz.fgov.be

## ኩሉ ነገር ፈቲንካ ክሰርሓልካ ኣይከኣለን ? ሐዘውን ሓገዝ ትደልይ ኣለኻ ?

መሰላት ህፃናት ኣብ ምሕላው ዝሕግዙ 3ተ ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት ኣለዉ :-

- ጥርዓን ይሰምዑ፣ ነፃን ሚስጥራውን ብዝኾነ ኣገባብ ድማ ጥርዓን መሰል ህፃናት ይምርምሩን ይሽንግሉን።

### ፌደራል ሓባሲ ንብዓት

ኣብ ልዕሊ ፈደራል ህዝባዊ ኣገልግሎት ኣወሃህባ ከም ቪዛ፣ ምጥርናፍ ስድራቤት ወዘተ ጥርዓን እንተልዩካ ክሕግዙኻ ይኽእሉ
www.federalombudsman.be

### ናይ ፈረንሳይ ሓባሲ ንብዓት (DGDE)

- +32 2 223 36 99

ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ንጎሆ ካብ ሰዓት 9:00 ክሳብ 12:30
ድሕሪ ቀትሪ ካብ ሰዓት 1:30 ክሳብ 4:30

- dgde@cfwb.be

### ቤት ፅሕፈት ፍላሚሽ ኮሚሽነር መሰላት ህፃናት (KRC)

- 0800 20 808 (ብናይ ቤልጂም ስልኪ እንተደዊልካ ጥራሕ )
- ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ንጎሆ ካብ ሰዓት 9:00 - 12:30
- ረቡዕ ካብ 9:00 - 5:00
- kinderrechten@vlaamsparlement.be



ብሕብረት ኤውሮጳ ዝምወል። ዝግለጽ ኣረኣእያን ርእይቶታትን ግን ናይ ደራሲ(ታት) ጥራይ እምበር ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ናይ ኤውሮጳዊ ትካል ፈጻሚ ትምህርትን ባህልን (EACEA) ዘንጸባርቑ ኣይኮነን። ሕብረት ኤውሮጳ ይኹን EACEA ተሓተትቲ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም።
ሓላፍነት ዝስከም ኣሰናዳኢ፡ ቤኖይት ቫን ኬርስቢልክ፡ DEI-ቤልጅየም ቁጽሪ ኩባንያ፡ 0447.397.058 – RPM፡ ብራስለስ። ኑሜሮ ቢብሊዮተክ ሮያል መ/2026/14.132/3

# ምስ ስድራኻ ኣብዚ ገዛ ግድን ክትፀንሕ እንተኾይንካ እንታይ ክትገብር ትኽእል ?

## እንታይ እዮም እቶም መሰላትካ?



-18 ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመ እንተኾይንካ ዝበለፀ/ ዝሓሸ/ መሰል ኣለካ

ገበን ፈፂምካ ዲኻ ? ገበን እንተፈፂምካ ትሕዝቶ እዚ ወረቐት ንዓኻ ኣይሰርሕን ። መሰልካ ንምፍላጥ ግን ንጠበቓኻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ።

## ንምንታይ ኢኻ ኣብዙይ ዘለኻ ?

**ስድራ - ቤትካ ብመዕርፎ ነፈርቲ**
**ኣቢሎም ናብ ቤልጂም ኣትዮም ፣**

እቲ በዓል መዚ ግን ናብዚ ሃገር ክትኣትዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም ኢሉዎም ።

ስለዚ ዑቕባ ሓቲትካ ውሳነ ሰበ-ስልጣን ግድን ክትፅበ ኣለካ ።

ሰበ ስልጣን ቤልጅየም ንዓኻን ንስድራኻን ግድን
- ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ኣለኩም ኢሎምኹም
- ንክትነብሩ ናብ ዝፍቀደልኩም ካሊእ ሃገር ኪዱ ኢሎምኹም



**ገለ ነገር ኣይተረደአካን ?**
**ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ**


## ናፃ ናይ ምኳን

## መሰል ኣለካ

ኣብ ቤልጅየም ህፃናት ኣብ ዕፁው ማእከላት ምእሳር ብሕጊ ክልኩል እዩ ።



ሰበ ስልጣን ቤልጅየም ግና ንዓኻን ንስድራኻን ኣብ ናይ " ስድራቤት ኣሃዱ " መምለሲ ገዛ " ተባሂሉ ኣብ ዝፅዋዕ ክትፀንሑ ከገድድኹም ይኽእሉ እዮም።




**ኣብ ዝኾነ ይኹን ፅናሕ ግን ፣ ሕጅውን መሰል ኣለካ እዩ ።**

## መሰላትካ እንታይ እዮም ?TS ?

**ስበ ስልጣን ቤልጅየም ብቅንዕናን ክብሪ ብዘለዎ ኣገባባብን ግድን ከተኣናግዱኻ ይግባእ**

- ነፃ ተርጓሚ ናይ ምርካብ
- ነፃ ጠበቓ ናይ ምርካብ
- ታሪኽካ ንክትዛረብ ሰማዒ ናይ ምርካብ
- ምስ ስድራኻ ሓቢርካ ናይ ምፅናሕ
- ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምኻድን
- ብሓኪም ወይ ድማ ብክኢላ ስነ-ኣ እምሮ ክትረአ ናይ ምኽኣልን መሰላት ይህልዉኻ ::



## ምስ መን ክትዘራረብ ትኽእል ?

### ምስ ጠበቓ

ንስኻን ስድራኻን ነፃ ሓገዝ ጠበቓ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም ።

- ኩነታትካ ክገልፁን መስልካን መሰል ስድራኻን ኣብ ምክልኻልን ክሕግዙ ይኽእሉ።
- ታይ ከምዝስመዐካን ገለ ዘፀገመካ ነገር እንተልዩን ክትነግሮም ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ክትህሉ ዘኽእለካ ኩነታት ግድን ክሓስቡ ኣለዎም።

ጠበቓታት ንዓኻን ንስድራኻን ሙችው ሃዋሁው ክፈጥሩ ክንዲዝከኣሎም ይፅዕሩ እዮም ፣ እዙይ ማለት ግን ሙሉእ ውሕስና ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።.